Tigrinya

GGG Basel

ሓበሬታ ንስደተኛታት መቐመጢ ወረቐት N፣ F ፣ B ዘለዎም

## ምስ ሓንቲ ስድራቤት ብሓባር ክትቕመጡ ትደልዩ' ዶ?

ስደተኛታት ምስ ስትራቤታት ሓቢሮም ንኽነብሩ ተኽእሎታት ንህብ፡፡ እዞም ስትራቤታት እዚኦቶም ኣብ ከተማ ባዝል ዝቕመጡ ኮይኖም ( ስድራቤት ምስ ቀለውዖም፣ መንእሰያት ወይ ውን ዓበይቲ ስብ ሓዳር፣ በይኖም ወይ ድማ ብሓባር ዝቕመጢ ውልቀ ሰባት) ድልየት ናይ ሓቢርካ ምንባር ዘለዎም ሰባት እዮም፡፡

ሓቢርካ ምስ ከምዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰም ዘለዎ ስድራቤታት ምንባር ማላት ፡ ንልምምድ ኣፍልጦ ቋንቋ ጀርመንኩም ባይታ ምፍጣርን ፡ ተሳታፍነት ኣብ ማዓልታዊ ንጥፈታት ሂወትኩም ንምሕያል ይሕግዘኩም።

**ኣገባብ እቲ ሓባራዊ መናባብሮ ከመይ ይመስል?**

- ናይ ገዛእ ርእስኩም ዝዕጾ ክፍሊ ይዋሃበኩም ፡፡
- **ክሽነ፣ ባኞን ሽቓቕን፣ ሳሎን** ከምኡ ውን ካሎኦት ክፍልታት እቲ ገዛ ናይ ቶም ተቐበልቲ ኣጋይሽ ስድራቤት ብሓብር ትጥቀምሉ፡፡
- ንማዓልታዊ ንጥፈታት ናይ ሓቢርካ ምንባር ዝምልከት ንአብንት ብዛዕባ( ምግዛእ ኣስቤዛ፣ ምስራሕ ምግቢ ወዘተ) ብሓንሳብ ኮይንካ ይዝረበሎም፡፡

> **ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘለና ዕድላት ወይ ወን ቀረባት ድልየት ኣለኩም' ድዩ?**
> ስለ'ዚ ናብ'ቲ ናዓኹም ዝአለየኩም ሰብ ኣመልከቱ ኢኹም፡፡ ወይ ድማ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘለ ቁጽሪ ስልኪ ናይ ባዓል መዚ ትላል ርክባት ( GGG Kontaktstelle) +41 75 413 99 65 ደውሉ፡፡

**እቲ መስርሕ ከመይ ይቕጽል?**
ምስ ሓንቲ ስድራቤት ክትነብሩ ድልየት እንተሃሊዩኩም ቅድም ምሳና ምስ ባዓል መዚ ትካል ርክባት ተቐበልቲ ኣጋይሽ ስድራቤት ንስደተኛታት( GGG Kontaktstelle Gastfamilien für Flüchtlinge ) ርክብ ትገብሩ፡ ንሕና ድማ ኩሉ ዝርዝራት ሓበርታ ብዕምቖት ከነብርሃልኩም ንኽእል፡፡ ኩሉ ሕተታትኩም ደበለ ውን ክንምልሰልኩም ድልዋት ኢና፡፡ በቲ ኣጋጣሚ ድማ ንሕና ድሌታትኩምን ንዓኹም ቀንዲ ኣገዳሲ ዝኾኑ ነገራትን ንግንዘብ፡፡

ብመሰረት ድልየትኩም ነቶም ተቐበልቲ ኣጋሽ እዚ ዝስዕብ ነማኽሮም፡፡

- ምሳኹም ናብታ ስድራቤት ንኽይድ። ነቶም ተቐበልቲ ኣጋሽ ስድራቤት ትላለይዎም ክፍልኹም ድማ ትዕዘቡ፡፡
- ድሕሪ ምልላይ፡ ንስኹምን ምስ'ታ ተቐባሊት ኣጋይሽ ዝኾነት ስድራቤት ናይ ሓቢርካ ምንባር እንተተሳማሚዕኩም፡ እቲ ውዕል ገዛ ኽራይ ይክተም፡፡
- እቲ ውዕል ገዛ ኽራይ መጀመርያ ንትሻዓት ወርሪ ዝተወሰነ ጥራይ እዩ፡፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ግዜ'ዚ ዝካረ ገዛ እንትርኺብኩም እቲ ክልትኣዊ ውዕል ክስረዝ ይኽእል፡፡
- ድሕሪ'ቲ ትሽዓት ወርሒ፡ እቲ ክልቲኣዊ ውዕል ክናዋሕ ተኽእሎ እሎ፡፡
- እቲ ዋጋ ክራይ ገዛ ብማሕበር ተራድኦ ማለት ( Sozialhilfe) ይምወል ፡፡

ኣገዳሲ ምልክታ
**ሕቶ ዕቑባኦም ዝተነጸገ ሰባት ኣብ'ዚ ከመልከቱ ኣይክእሉን፡፡** እዚ ዕድላት ቀረብ'ዚ ንስደተኛታት መቐመጢ ወረቐት N, F ወይ ድማ B ዘለዎም ጥራይ ይምልከት.

ንተወሳኺ ሓበርታ ኣብ መርበብ www.ggg-fluechtlinge.ch ክትረኽቡ ትኽእሉ፡፡

GGG Kontaktstelle
Gastfamilien für Flüchtlinge
c/o GGG Benevol
Marktgasse 6
CH-4051 Basel

**T** +41 75 413 99 65
**E** info@ggg-fluechtlinge.ch

**www**.ggg-fluechtlinge.ch